# እቲ ሕቶ “ምልዓል እገዳ” ዘይኮነ -
# ብቐደሙ'ኸ ስለምንታይ እገዳ'ዩ?



ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፣ ትማሊ መዓልቲ፣ ነቲ ኣብ ታሕሳስ 2009 ከምኡ'ውን ኣብ ታሕሳስ 2011 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘስገደዶ ዘይፍትሓዊ ውሳነታት እገዳ ኣልዒልዎ ኣሎ።
መንግስቲ ኤርትራ፡ ነዚ ንኣስታት 10 ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይምኽኑይ ጉድኣት ዘውረደ ኢፍትሓዊ ውሳነ ንምእራም ዝተወስደ ስጉምቲ ደንጉዩ እውን እንተመጸ ብሓጎስ ይቕበሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፣ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝርከብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ በቲ ምስኩር ናይ መኸተ ያታኡን ዓቕሉን፡ ነዚ ጽንኩር እዋን ብጽንዓት በዲሁ፡ ብዓወት ምውጽኡ ልዑል ክብሪ ይህቦ። ከምኡ'ውን ንኹሎም ብሞራልን ዝተፈላለየ መገዲታትን፣ እዚ ዘሕፍር ውሳነታት እገዳ ንኽልዓል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣዕሩኽ ኤርትራ ምስጋናኡ ይገልጽ። የሃና ንኹሎም!

ነዚ ጸሊም ምዕራፍ'ዚ ብምዕጻው፣ ናብ መጻኢ ኣብ እንጥምተሉ ዘለና ኣጋጣሚ ግና፣ ካብዚ ተሞኩሮ'ዚ ዝተጋህደ ሓቅታት ከነስተንትኖ ግቡእ እዩ። ኤርትራ ስለምንታይ እያ ግዳይ ኮይና? ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝተፈጸመ ላግጺ ዝደገፈ ኩነታትከ እንታይ'ዩ? . . እቲ ሓቂ፡ ጽሩይ ከም ማይ ንግሆ እዩ።
ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ዋሽንግቶን - ክሊንተን፣ ቡሽ፣ ኦባማ - ብዝሃንደሰዎ ዝምቡዕ ናይ ዕብለላ እንኮ-ቐጽራዊ ስትራተጂን ናይ መልሕቓት ሚላን፣ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝነበረ ስርዓት ወያነ፡ ሓደ ካብ መልሕቓቶም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ገይሮም ብምቑጻር (ብምዕሳብ) ካብ ዝተኸተልዎ ሜላታት፦
- ዶባዊ ግጭታት ምስዋርን ኩናት ምውላዕን ሓላሊኽካ ምምሕዳርን
- ኤትኒካዊ፡ ፈንጋዊ (factional) ምግምማዕ ምንጋስን ተቐዋማዊ ምግባርን
- ዞባዊ ጥምረትን ምትሕግጋዝን እናሸራሕካ ንምትእትታዋት ባይታ ምውዳድ. ከም ቀንዲ፡ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ ሓድጊ በጨቕ ኢ-ብል እንዕዘቦ ዘለና ኤትኒካዊ ረጽሚን ምምዝባላትን፣ ኣብ ሶማልያን ደቡብ ሱዳንን ነጊሱ ዘሎ ምግምጋዕን ሕልኽላኻቱን ግዳማዊ ምትእትታዋትን ከም ውጽኢቱ ንኣሸበርቲን ሓንከርቲን ፈጢርዎ ዘሎ ድኻ ባይታ፣ ዕላመታት ናይቲ ዝሩግ ሳዕቤናት እዮም።

ናይዚ ዝምቡዕ ስትራተጂን ሜላታቱን ኣዕናዊ ሳዕቤናት፣ ኣብ ህልቂት ሰባትን ምምዝባልን፣ ስደትን ጥሜትን ቁጠባዊ ዕንወትን፣ ልዕሊ ኹሉ ከኣ ንኣስታት 150 ሚልዮን ህዝቢታት ናይዚ ዞባ ዘኽሰሮ ናይ ልምዓትን ዕብየትን ዕድል፡ እልቢ የብሉን። እቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝተፈብረኸን ዝተሳወረን ትርጉም-ኣልቦ ዶባዊ ግጭታት፣ ቅሉዕ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት፣ ፖለቲካዊ ሸርሒታት፣ ቀጻሊ ናይ ምንጻልን ጸለምን ስነ-እምሮኣዊ ዘመተታት፣ ዘይዓርፍ ኣዕናዊ ቁጠባዊ ዕፈና፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ፣ ብዘሕንኽ ናይ ሓሶት ፍብረኻ፡ ብምርዓም ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፣ ኣብ 2009 እተሰገደደ እገዳ፣ ካብ መቓን ናይቲ ዝምቡዕ ስትራተጂያዊ ሕርያን ሜላታቱን ወጻኢ ዝርአ ኣይኮነን። ዝወረደ ዕንወት ከኣ፡ መዳርግቲ የብሉን። ካብቲ ዝተፈጸመ በደል ንላዕሊ፡ ሓሶት ተቓሊዑ፡ ሓቂ ተጋሂዱ እናሃለወ፡ ዕምሪ እገዳ ንምምጣጥ ኢቐርብ ዝጸንሐ ምስምሳት ዘዛየዶ በደል'ውን ቀሊል ኣይነበረን። ባይቶ ጸጥታ እምበኣር፡ ኢኖ እገዳ ምልዓል፡ ናይ ዘውረዶ በደል ካሕሳ እውን ተሓታቲ እዩ። መንግስቲን ህዝቢን ኤርትራ ከኣ፡ መኸተኦም ንሓቂን ንፍትሒን፡ ብምልዓል እገዳ ጥራይ ኣይከቋርጽዎን እዮም።

ሚኒስትሪ ዜና
ኣስመራ
14 ሕዳር 2018